ኣልሁዳ
www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (13 ) 02.2005

## ትሕዝቶ ሕታም


- ሞራላዊ ጠባያትና ነማሓላልፍ ...................( 2 )
- ታሪኽ ነቢዩና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ......................( 5 )
- መብጻዓ ኣብ ተግባር ምውዓል.........................( 7 )


### ቃል - ኣልሁዳ

ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ : ሰላምን ርህራሄን ናይቲ ርህሩህ ፈጣሪና ይብጻሕኩም ዕላማ ምስልምና ደቂ ሰባት ኣብ ፍትሓዊ ሰላምን ሕድገትን ዝዓሰሎ ሕብረስተሰብ ንኽነብሩ እዩ ዝደልን ዝጽዕርን::ነዚ ንምትንጻፍ ካኣ ኣብ መንጎ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ሃንማኖታትን ዝምባለታትን ዘለዎምን ዝነብሩ ዜጋታት ናይ ምትኽብባርን ምትሕግጋዝን መንፈስ ዘማለኡ ክኾኑ ይግባእ::
እስልምና ንሰዓብቱ ነቶም ካልእ ሃይማኖት ዘለዎን ደቂ ሰባት ብዝበለጸ ኣገባብ ንኽቐርብዎምን እቲ ዝበለጸ ጠባይ ንኽርእዩ የተባብዕን ይምህርን::
ልኡኽ ሙሓመድ ርህራሄን ናይ ኣላህ ይብጻሓዮም ኣብ ሓዲስ( ብህሎም)ከምዚ ይብሉ:

**<< ልኡኽ ሙሓመድ ብተኸታታሊ ደጋጊሞም ንጎረባብተይ ብጽቡቕ ጠባይ ንኽቀርቦም ኣዚዞሙኒ።ለበወኦም ምስ ደጋገሙለይ`ዉን ሓደ ካብቶም ክወርሱኒ ዝግበኦም ሰባት ከይኮኑ'ዉን ኣብ ጥርጥር ኣትየ>>**

እዚ ንጎሬበትካ ብጽቡቕ ጠባይ ምቕራብ ብኣላህ ረሱል እተኣዘዝዎ ኣብ ተግባር ከነውዕሉ ክንጽዕር ናይ ግድን እዩ።
ኣስላማይ ጽቡቕ ጠባይ ኣማሊኡ ክኸይድ ሓላፍነቱ ከምዝኾነ ብዘይ ምርሳዕ ምስቶም ዘይኣስላም ዜጋታት ደቂ ሃገሩ ብጽቡቕ ጠባይን ኣቀራርባን ክቐርብ ብእስልምና ይሕተት።ነፍስወከፍ ኣስላማይ ምስቶም ዘይኣስላም ፍትሓዉን ሓቀኛን ክኸዉን ኣገዳሲ እዩ::
ነዚ ብዝምልከት ካኣ ኣብትሕቲ <u>ሞራላዊ ጠባያትና ንመላእ ሕብረተሰብ ከነመሓላልፍ ይግባእ</u> ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ብሰፊሑ ተዘርዚሩ ስለ ዘሎ ተገዲስካ ከተንብቦ ንዕድመካ::

*ኣሳናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ*

# ሞራላዊ ጠባያትና ከነመሓላልፍ ይግባእ

ብሸኽ:ሙሓመድ ኣልቐዛሊ
ተርጓሚ ኣቡ ዓብዱራሕማን

## ኣቀራርባና ምስ ዘይኣስላም

ነፍስወከፍ ሃይማኖት ካብ ካልእ ሃይማኖታት ዝፍለየሉ ናይ ገዛእ ርእሱ መለለይ ጠባይ ኣለዎ። ኣብ ምስልምና ዝተወሰነ እሞ ብተደጋጋሚ ብኣመንቱ ዝትግበር ቅጥዒ ተግባራት ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ።ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ሰዓብቲ ምስልምና ገለ ገለ ወግዕታት ዝውቱር ኮይኑ ምስቶም ዘይኣስላም ዝምድና ዘይብሉ ከምዘሎ ኻኣ ምግንዛብ የድሊ።ግን ሞራላዊ ጠባያት ናይ ምስልምና ኣብዚ ሓጺር ደረት ዝተሓጽረ ኣይኮነን።ግን ንሰፊሕ ዝኾነ መዳያት ዘጠቓለለ እዩ።

ኣስላማይ ጽቡቕ ጠባይ ኣማሊኡ ክኸይድ ሓላፍነቱ ከምዝኾነ ብዘይ ምርሳዕ ምስቶም ዘይኣስላም ዜጋታት ደቂ ሃገሩ ብጽቡቕ ጠባይን ኣቀራርባን ክቐርብ ብእስልምና ይሕተት።ነፍስወከፍ ኣስላማይ ምስቶም ዘይኣስላም ፍትሓዉን ሓቀኛን ክኸዉን ኣገዳሲ እዩ።ብተዛማዲ እዉን ጽቡቕ ጠባይ ከም ዘካት(ምጽዋት) ምሃብን መብጸዓኻ ምሕላዉን ይቕረ ምባልን ከምኡዉን ለውሃትን ምትሕግጋዝን እዚ ዝተጠቕሰ ጠባያት ምስ ኣስላም ኮይኑ ዘይኣስላም ኣብ ዝካየድ ምቅርራብ ኣብ ግምት ብምእታው ብሓደ መልክዕ ክትግበር ይግባእ።

ቅዱስ ቁርኣን እዉን ምስቶም ሰበ መጻሕፍቲ የሁድን ክርስትያንን ኣብ ዝኾነ ንሓድሕዳዊ ጽልእን ባእስን ግጭትን ከባልሕን ከዋዓውዕን ዝኽእል ክትዕ ንኸይናኣቱ የጠንቅቐና።
ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልዓንከቡት ኣያ ቁ.46 ይብል፡

> ۞وَلَا تُجَٰدِلُوٓاْ أَهۡلَ ٱلۡكِتَٰبِ إِلَّا بِٱلَّتِي هِيَ أَحۡسَنُ إِلَّا ٱلَّذِينَ ظَلَمُواْ مِنۡهُمۡۖ وَقُولُوٓاْ ءَامَنَّا بِٱلَّذِيٓ أُنزِلَ إِلَيۡنَا وَأُنزِلَ إِلَيۡكُمۡ وَإِلَٰهُنَا وَإِلَٰهُكُمۡ وَٰحِدٞ وَنَحۡنُ لَهُۥ مُسۡلِمُونَ ﴿٤٦﴾

ኣላህ ኣብዛ ጥቕሲ ኣያ ምስቶም ሰበ መጻሕፍቲ(የሁድ,ክርስትያን)ብዘይካ እቶም ዓመጽቲ ብዝበለጸ ኣገባብ ክንዛተ ይእዝዘና።ኣላህ ንረሱል'ዉን ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም በሎ፡

ንሕና በቲ ናባና ዝተላእከ መጽሓፍ ንኣምን ኢና ከምኡዉን በቲ ናባኹም ዝተላእከ መጽሓፍ ንኣምን:ናትና ኣላህን ናትኩም ኣላህን ሓደ እዩ።ንዕኡ ኻኣ ኢና ንምእዘዝ።

ንሳዓብቲ ሙሳ እዉን ካብ ምግራም ዝተላዕለ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ቀሪብሎም ኔሩ፡

,ስለምንታይ ኢኹም ብኣላህ ትካቱዑና ኣላህ ዶ ናትኩሙን ናትናን ረቢ ኣይኮነን?ንሕና ብዝሰራሕናዮ ንስኹም እዉን ብዝሰራሕኩሞ ኢኹም ትሕተቱ።ንሕና እቲ እንሰርሖ ስራሕ ምእንቲ ኣላህ ብንጹህ ልቢ ኢና እንትግብሮ።
ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብንጹር ዘብርህ ነዚ ፍጻሜ ናይ ረሱል ምስ ሓደ የሁዲ ነቕርብ፡

ሓደ የሁዲ ንረሱል ብ ስነስርዓት ዘየማለአ ጠባይ ብልዑል ድምጺ ልቕሑ ክምለሰሉ ከምዚ ኢሉ ክዛረቦ ምስ ጀመረ ;

" ኦ ወዲ ዓብደልሙጠሊብ"

ኣብዛ ሰዓት'ዚኣ ዑመር ቢን ኣልኸጣብ ኮፍ ኢሉ ዝሰምዕ ዝነበረ፡እሞ ጠባይ ናይዚ የሁዲ ደስ ስለ ዘይበሎ:ስርዓት ከምህሮ እየ ብዝብል ሕልና ተደሪኹ ነቲ ሰይፍ ካብ ሰፈሩ ብምውጻእ:"ጽቡቕ ጌርካ ምዝራብ ይሕሾካ":ኢሉ ዘረበኡ ከይቀጸለ ረሱል ጠጠው ኣቢሎም ንዑመር ኣብ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ቦታ ክምለስ ድሕሪ ምእዛዝ ከምዚ ኢሎም ተዛረብዎ:

"ኣነን እዚ የሁድን ካብዚ ዝበለጸ ጠባይ ካባኻ ንጽበን ይግባኣናን:ንዕኡ ማለት ነቲ የሁዲ ገንዘቡ

ክምለሰሉ ብዝበለጸ ጠባይ ንኽሓትት ከምህሮን ንዓይ ካኣ ገንዘቡ ብዝበለጸ ኣገባብ ክመልሰሉ ክትምዕደኒ ምሓሸ "

እስልምና ንመላእ ዓለም ካብ ኣላህ ዝተላእከ መልእኽቲ ብምዃኑ ንዝኾነ ሰብ ወላ'ዉን ካብቶም ተጻባእቲ እከይ ገባርን ይኹን ብዘየገድስ:ብዝበለጸ ፍትሓዊን ሓቂን ዝኾነ ኣቀራርባ ክንቀርብ እዩ ይእዝዘና።

ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:
"ዕሙጽ ሰብ ወላ'ዉን ኣረማዊ ይኹን ኣብ መንጎ ጸሎቱን ተቐባልነቱን ጠጠው ዝብል ምንም ነገር የልቦን።ዘጠራጥረካ ገዲፍካ ዘየጠራጥረካ ነገር ግበር።"
ብመሰረት እዚ ትእዛዛትን ለበዋታትን እስልምና ንሳዓብቱ ነቶም ካልእ እምነተ ሃይማኖት ዘለዎም ከየበሳብሱን ከየከላብቱን ይእዝዞም።ምስ'ዚ

"ናይ ዕሙጽ ሰብ ዱዓእ(ጸሎት) ቅቡል እዩ:እንተዳኣ ሓደ ውልቀሰብ ክፉእ ነገር ፈጺሙ ዉዒሉ ሓዲሩ እቲ እከይ ስራሕ ንዕኡ እዩ ዝረኽቦ።
ረሱል'ዉን ይብሉ;

ኣገዳስነት ናይ ጽቡቕ ኣቀራርባ ምስ ካለኦት ሰበ እምነት ዝተኣሳሰረ ነዚ ዝስዕብ ሓዲስ ንመልከት: ሓድረት ዑመር ቢ ኣልኸጣብ ከምዘዘንትውዎ:

"ኣብ ገዝኦም ካብ ደገ ምስ ኣተዉ በጊዕ ተሓሪዱ ምስ ጸነሖም: ካብቲ ስጋ ናይ በቢዕ ንጎረቤቶም ተዋሂቡ እንተኾይኑ ንስድራ ቤቱ ሓተተ "ቀዲሉ`ዉን ከምዚ በለ"

**<< ልኡኽ ሙሓመድ ብተኸታታሊ ደጋጊሞም ንጎረባብተይ ብጽቡቕ ጠባይ ንኽቀርቦም ኣዚዞሙኒ።ለበወኦም ምስ ደጋገሙለይ`ዉን ሓደ ካብቶም ክወርሱኒ ዝግበኦም ሰባት ከይኮኑ'ዉን ኣብ ጥርጥር ኣትየ>>**

ብተዛማዲ እስልምና ንሰዓብቱ ምስ ኣዝማዶም ሕያዎትን ለዋሃትን ክኾኑ ይምዕዶም።ወላ`ዉን ኣዝማድካ ዘይምእመናን እንተኾይኖም ብጽቡቕ ጠባይ ክትቀርቦም ኣድላዪን እስልምናዊ ትእዛዝ ምዃኑ ክርሳዕ የብሉን።

ሓቂ ተኸቲሊ ምባል መሰል ናይ ካለኦት ዜጋታት ምምንዛዕ ኣየሰምዕን እዩ።
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ሉቕማን ጥቕሲ ኣያ ቁ.15

وَإِن جَٰهَدَاكَ عَلَىٰٓ أَن تُشْرِكَ بِى مَا لَيْسَ لَكَ بِهِۦ عِلْمٌ فَلَا تُطِعْهُمَا ۖ وَصَاحِبْهُمَا فِى ٱلدُّنْيَا مَعْرُوفًا ۖ وَٱتَّبِعْ سَبِيلَ مَنْ أَنَابَ إِلَىَّ ۚ ثُمَّ إِلَىَّ مَرْجِعُكُمْ فَأُنَبِّئُكُم بِمَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ ﴿١٥﴾

*ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ;*
ኣላህ ኣብዛ ጥቕሲ`ዚኣ ነዚ ዝስዕብ መምሪሒታት ይልግሰልና:.

- ኣላህ ንወለድና ወላ'ዉን ብምስልምናና እንተዘይኣመኑ ኣብ ኣዱንያ ምሳና ካብ ሃለዉ ብጽቡቕ ርህራሄን ለውሃትን ብዝመለኦ ጠባይ ክንቀርቦም ይእዝዘና።
- ምስ`ዚ ግን እቲ ቀንዲ ናብ ረቢ ዝወስድ ትኽክለኛ መንገዲ ምስልምና ክንክተል ከምዘለናን ኣሰር ናይቶም ረቢ ዝተኸተሉ ክንስዕብ ይግባእ።
- ኣላህ`ዉን ኣብ የውመልቂያማ ኣብዛ ኣዱንያ ብእንፍጽሞን እንገዮን ተግባራት ከሬኤናን ምዃኑ ምግናዛብ የድሊ።

**ኣድላይነት ናይ ሞርላ(ጽቡቕ ተግባር)**

**ንመላእ ዓለምን ሃገርን**

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብዛዕባ ሞራል ወይ ጽቡቕ ተግባር ንውልቀሰብ ዝምልከት እዩ ኔሩ።
ንኣገዳስነት ናይ ሞራል ንሕብረተሰብ ብሰፊሕ መዳዩ:እስልምና ከምዚ ዝስዕብ ይብል:
ብመንጽር ምስልምና ምዕባለን ህላውነት ናይ ሓደ ህዝቢ`ን ከምኡ`ዉን ንምዕባለ ባህሉን ልምዱን ዘገድስን ንውህደትን ጽንዓቱን ብዘርኢ`ን እዚ

ኹሉ ዝተጠቕሰ ምስ ሞራል ናይ ምዕቃብ ረቛሒ ዝተኣሰረ እዩ።
ሓደ ህዝቢ እንተዳኣ ጽቡቕ ሞራል ሃሊዩዎ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ምዕባሌታት ኪጋናጸፍ ይኽእል።
በኣንጻሩ እንተዳኣ እቲ ናይ ሞራል ጠባዩ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ኣንቆልቂሉ እቲ ንግስነት ወይ ስርዓት ናይ ምዕናው ግዜኡ ቀሪቡ ከምዝኾነ እዩ ዝሕብር።

ሓደ ህዝቢ ቀጻልነት ህላወኡ ዘረጋግጽ ደረጃ ሞራሉ ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ምስ ዝበጽሕ እዩ።ብኻልእ ኣዘራርባ ጽቡቕ ጠባይ ናብ ዝላዓለ ደረጃ ክብ ከብል እንከሎ ሞራል ኣብ ዘይህልወሉ ካኣ ናብ ዝተሓተ ደረጃ የንቆልቁል ማኣለት እዩ።

እዚ ሓቒዚ ብንጹር ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ረሱል ሓዲስ ተገሊጹ ንረኽቦ።
ልኡኽ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ንህዝቡ ነቶም ንመላእ ዓረብ ኣብ ትሕቲ መሪሒነቶም ዘእተዉ እሞ እቲ ናይ ምውሳን ስልጣን

ኣብ ትሕቶም ኮይኑ ፍሉይ ቦታ ክህልዎም ዝኻኣለ:ነዚ እተሰከምዎ ሓላፍነት ናይ መንገስትን ምምራሕን ክዓቕቡ

እንተዳኣ ደልዮም ነቲ ዓንዲ ሕቆ ዝኾነ ሞራል ክዓቕቡ ናይ ግድን ይኸውን።

ነዚ ብዝምልከት ሓደ ሳሓቢ ኣናስ ቢን ማሊክ ዝተባህለ ከምዚ ኢሉ የዘንትወልና;

<< ኣብ ሓደ ናይ ሓውና ገዛ ካብ ቁረይሽን ኣንሳርን ሰባት ተኣኪብና ኮፍ ኢልና እንከለና ረሱል ናብቲ ዝነበርናዮ ገዛ ምስ ኣተዉ ነፍስወከና

ጠጥቕኡ ኮፍ ከብሉ ቦታ ክንገብረሉ እናተራሓሓቕና እንከለና ረሱሉ ትኽ ኢሎም

ናብቲ ኣንፈት ማዕጾ ብምኻድ ኣብቲ ማዕጾ ብምድጋፍ ከምዚ ኢሎም ተዛረቡና;

ሃብቲ ናይቲ ሃገር እዉን ኣብ ስሱዓት ዝኾኑ ሰባት የውድቕ>>

ኣቡ ዳዉድ ነዚ ብዝምልከትዉን ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ዓበይቲ ፈላጣት ምስልምና ኣሸይኽ ኢብን ተይሚያ ከምዚ ይብል:

,,ኣላህ ንሓንቲ ፍትሓዊት መንግስቲ ወላ'ዉን መራሕታ ኣረማዉያን ይኹኑ:ይዓቕባ።ግን ሓንቲ መንግስቲ ዓማጺት እንተኾይና ሽሕ እኳ መራሕታ ኣስላም ይኹኑ የውድቓን የዕንዋን።

<< መራሕቲ ካብ ቁረይሽ ክኾኑ እዮም:ኣነ ኣባኻትኩም መሰል ኣለኒ:ቁረይሽ እዉን ኣባኻትኩም መሰል ኣለዎም።ርህራሄ ኣብ ዘድልየሉ ግዜ ርህራሄ ክርእዩ ይግባእ።ዝህብዎ ፍርዲ ኻኣ ኣብ መሰረት ፍትሒን ሓቒን ዝተሞርከሰ ክኸዉን ይግባእ።ትእዛዞም እዉን ክስማዕ ይግባእ:ነዚ ዘይትግብር ላዕና ናይ ኣላህን ናይ መላኢካን ናይ ኩሎም ሰባትን ይብጻሓዩ።ኢሎም ረሱል።

*ኣጠበራኒ*

እዚ ሓዲስ እዚ ብዘየማትእ ነፍስወከፍ ዉልቀሰብ ኮይኑ ሕብረተሰብ ወይ መንግስቲ እቲ ዝግባእ ክብረትን ብልጽግናን ክረክብ ግድን እዩ።እዞም ከም ወከልቲ ኮይኖም ዝቐርቡ ሰባት ካኣ እቲ ዝላዓለ ዓወት ከኀናጽፉ ክጽዕሩ ሓላፍነት ከም እተሰከሙ ክርስዑ የብሎምን።

ሓንቲ መንግስቲ ጭሮሖ ናይ ምስልምናን ቁርኣንን ኣልዒላ ከተብቅዕ ንጉዳያት ዜጋታታ ብፍትሒ እንተዘይረኣየትን ብጠለባት ዜጋታታ'ዉን ምስ ዘይትግደስ እሞ እንተዳኣ ህዝባ በኣሰራርሓኣ ዘይዓገበ ክብረታ እንተዳኣ ኣውዲቓ:እቲ እተጨረሐ ጭሮሖታት ትርጉም ዘይብሉ ስም ኮይኑ ከምዝተርፍ ምግንዛብ የድሊ።

ክቡር ሰሓቢ ሑሴን ረድያ'ላሁ ዓንሁ:ረሱል ከምዚ ኢሎም በለ:

<< ኣላህ ንሓደ ህዝቢ እንተ ራህሪሁሉ ኣብ ኢድ ሓደ ለባም መራሒ የውድቖ:
 እቲ ሃብቲ`ዉን ኣብ ሕያውት ዝኾኑ ለባማት ሰባት ይኸዉን:ከምኡ'ዉን ኣላህ ንሓደ ህዝቢ መቕጻዕቱ ከውርደሉ እንተደልዩ ኣብ ትሕቲ ጨካን ዝኾነ መራሒ የውድቖ: ነቲ ብመንጽር ምስልምና ሞራል እቲ ዝበለጸ መለለይ ጠባይ ምዃኑን ነፍስወከፍ ከማልኦ ዝግባእ ኣገዳሲ ጠባይ ከምዝኾነ ክንርዳእ ይግባእ።
ሓደ ዉልቀሰብ ኮይኑ ህዝቢ ክብረቱ ኣብ ቅድሚ ሰብን ኣላህን ዘጥፉኣሉ ብሰንኪ ናይ ሞራል ውድቀት እዩ።
ሞራል ምስ ዝጠፍእ እቲ ክብረት ናይ ህዝቢ እውን ይጠፍእ።እዚ ዝርከብ እዉን እቲ ምትእስሳርና ምስ ኣላህ ፈጣሪና ምስ ዝደክም እዩ።እሞ እቲ ርኽክብና ምስ ኣላህ ክድልድልን ክሕይልን ኣበርቲዕና ክንቃለስ ግቡእ ምዃኑ ንገንዘብ።

ዱዓእ:

( ረባና ኢናና ዘለምና ኣንፉሰና ፈኢንለም ተቕፊርለና ወተርሓምና ለነኩነና ሚን ኣልኻሲሪን )

# ታሪኽ ነቢዪና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ

ክቡር ኣንባቢ ኣብ መጺሔት ኣልሁዳ ብተኸታታሊ ንናይ ታሪኽ ሰይድና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ብዝምልከት ታሪኽ ከነቕርብ ጸኒሕና:ኣብዛ ሕታምና ካኣ:ረሱል ኣብ መዲና ዝሃነጽዎ ሕብረተሰብን ዝተኸተልዎ ኣገባብን ዝተጠቐምሉ ሜላታትን ዝፈጸምዎ ኣብ መንጎ ካለኦት ሰበእምነት ውዕላትን ዝኣተውዎ መብጻዓታትን ኣብዛ ሕታም ኣልሁዳ ነቕርበልኩም።

## ሓዲሽ ሕብረተሰብ ምህናጽ

ሓንቲ መሳጢት ፍጻሜ ኣብታ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ንመዲና ዝኣተወላ ቀዳመይቲ ማዓልቲ ዘጋጠመት እቲ ናይ እይሁድ ናይ ሓንጎል ምርባጽን ብርቱዕ ሻቕሎትን ከተርእየና ክንጠቅስ ንኽእል ኢና። ዓብደላህ ቢን ሰላም ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ንመዲና ምስ መጸ ናብኡ ብምምጻእ ነብይ ናይ ብሓቂ ሙኻኑ ከረጋግጽ ገለ ሕቶታት ሓተቶ።
እተን ሕቶታት ምስ መለሰሉ ከኣ ብኡ ንብኡ ኣመስለመ ካብኡ ህዝቡ ከም ዘመስለመ እንተሰሚያም ሽሙ ከኽፍእዎ ሙኻናም ንነብይና ሰ.ዓ.ወ. ነገሮ። ስለዚ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. መጀመርታ ቅድሚ ኣይሁድ ዓብደኣሳላም ኣመስሊሙ ምስማያም ንገለ ካብኣቶም ሰብ ሊኢኹ ብዛዕባ ዓብደኣላህ ቢን ሰላም ዘለዎም ኣራኣእያ ሐተቶም።
እሱ ሐቀኛን ምሁር ሙኻኑ መስከርሉ ካብኡ ኣብኡ ከለዉ እሱ ከመዘመስለመ ምስ ነገርዎም ዘረበኦም ልውጥ ኣቢሎም ኣንጻሩ እቲ መጀመርታ ዝሃብዎም ርእይቶ "እሱ ሓደ ኣዝዩ ክፉእ ሰብ እዩ" ብምባል ኣጻለምዎ።

ኣብ ካልእ ጽሑፋት እዚ ፍጻሜ ከም ዘሎ ዓብደኣላህ ቢን ሰላም "ኦ ህዝቢ ኣይሁድ ኣላህ ፍርሑ ብኣላህ እቲ ሓደ፡ እብለኩም ኣለኹ ትፈልጡ ኢኹም እሱ (መሓመድ) ሉኡኽ ናይ ኣላህ ሙኻኑን ናብ ህዝብታት ብሓቂ ካብ ኣላህ ተላኢኹ ከም ዝመጸን" በሎም እሞ እሶም ኻኣ "እስኻ ትሕስው ኢኻ ዘለኻ" ኢሎም ኣሉታ ሃብሉ። ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ናይ መጀመርታ ርክቡ ምስ ኣይሁድ ከኣ እዚኣ ነበረት (1)

ኣቃውማ ህዝባዊን ፖለቲካዊን ስእሊ መዲና እዚ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ይመስል ነበረ። 500 ኪ.ሜ. ሪሒቁ ካብ መካ ግን ገና ካልእ ሐደገኛ ኣስጋእቲ ቀንደኛ ጸላእቲ እስልምና ቁሬይሽ ነበሩ። ን10 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ቁሬይሽ ሙስሊሚ ንኩሉ ዓይነታት ሽበራ እገዳ፡ ጥምየትን ዕንወትን ብርቱዕ ሳይኮሎጂካዊ ውግእን ዝተደራጀወ ናይ ተጻብኦታት ፕሮፓጋንዳታት ብኣዝዩ ዝላዓለ ደረጃ ንጭቆናታት ተቃሊያም ነበሩ።

ንመዲና ምስ ተሰደዱ እውን መሬቶም ንብረቶም ሃብቶም ተተሓዞም። ኣንስቶም ተኣስራን እቶም ኣብቲ ህብረተሰብ ቁሬይሽ ኩቡራት ነበሩ ካኣ ኣስካሕካሒ መቅጻዕቲን ስቅያትን ወረዶም። ቁሬይሽ ነቲ መራሒ እስልምና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ክቐትልዎ ውዲቶምን ብተግባር ክቐትልዎ እዉን ፈቲኖምን እዮም ኣብ ኩሎም ኣረማዊያን የዕራብ ቁሬይሽ ኣብዛ ዓለም መሪሒነትን ኣብ ሃይማኖት ካኣ ብልጫ ከም ዘለዎም ይእመነሎም ነበረ።

እታ ቅድስቲ ካዕባህ ናይ ምሕላው ሓላፍነት ስለዝተዋሃቦም ንኹሎም የዕራብ ኣንጻር መዲና ክኾኑን ንተቐማጠ መዲና ቁጠባውን ማሕበራውን እገዳ ክገብርሎምን ምእንቲ ከላዓዕልዎም ብሙሉእ ዓቅሞም ጸዓሩ። ሙሓመድ ኣልቐዛሊ ሐደ ምሁር ነዚ ብዝምልከት ከምዚ በለ "ናይ ውግእ ሃዋሁ ብግብሪ ኣብ መንጎ ብእቶም ጨካናት ሙሽሪኪን ናይ መካን እቶም ሙስሊምን ኣብ መዲና ዝሰፈሩን ነበረ። እቲ ዘንጸላልው ዝነበረ ኣስካሕካሒ ሳዕቤናት እቲ ንነዊሕ እዋን ጸልኡ ተሓታትነቱ ነቶም ሙስሊምን ምስካም ዕሽነት እዩ። (2)

ኣብ መዲና ዝነበሩ ሙስሊምን ንብረት እቶም ጨካናት ሙሽሪኪን ቁሬይሽ ክወርስዎን ኣብነታዊ መቅጻዕቲ ብምሃብ ሕነኦም ክፈድዩ ፍትሓዊ ነበረ። እዚ ካኣ ካልኣይ ግዜ እቶም ሙሽሪኪን ከምዚ ዝኣመሰለ ጌጋ ኣብ ልዕሊ ሙስሊምንን ቁዱሳት ዝብልዎምን ከይድገም ንማለት እዩ።

እዚ እዩ ካኣ እቲ ሕመረት እቲ ቀንዲ ብድሆ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ክገጥሞ ዝነበሮን ተሓላላኺ ጉዳያት ክፈትሖም ነበሮ።

ምስ ሙሉእ ምስጋና ብዘይ ሓንቲ ስግኣት እሱ ብቅንዕና ሓላፍነትን ግቡእን ሉ/ና/ኣላህ ተሰኪሙን እቲ ዓላማዉን፡ ሃይማኖታውን መሪሒነት መዲና ብግቡእ ፈጺሙን እዩ ክንብል ንኽእል ንኩሉ ዝግበኦ ሐለፈ ርህራሄ ወይ መቅጻዕቲ ሂብዎ እዩ። እቲ ርህራሄ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መቅጻዕቲ ኣብቲ መስርሕ ምንጻፍ ዱልዱል ባይታ (ሰረት) ንእስልምና ነቶም ሓቀኛ ሰዓብቱ መቐረት ይህቦም ነበረ።

### ሓድሽ ሕብረተሰብ ተሃንጸ

ነብይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ጁምዓት ማዓልቲ ረቢዕ ኣልኣወል ቀዳማይ ዓመት ሂጅሪያ ወይ ብኣውሮፖውያን ኣቆጻጽራ መስከረም 27, 622 ድ/ም/ነ/ኣ/ዒ፡ ንመዲና ከም ዝበጸሐን ኣብ ታሕተዋይ ክፍሊ ናይ ኣቡ ኣይቡ ገዛ፡ ከም ግዝያዊ መንበሪኡ ከምተቐመጠ ሪኢና ኢና።
እታ ቀዳመያቲ ዕማም ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ኣብ መዲና ካኣ ኣብታ ግመሉ ዝዕረፈትሉ ቦታ መስጊድ ምህናጽ ነበረ። እታ ቦታ መሬት ናይ ክልተ ዘኽታማት ነበረት።

ካብኦም ብገንዘብ ተዓዲጋ ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ምስ ኩሎም ሙስሊምን ተሓባቢሩ መስጊድ ሰረሑ። እሱ የእማንን ጡቡን እንዳኣልዓለ ካኣ ከምዚ ኢሉ ጥቅስታት ግጥሚ የንብብ ነበረ፡ “ኣላሁማ (ኦ ኣታ ጎይትኦም) ናብራ የሎን ብጀካ ኣብ ኣኺራህ ምሓሮም ንኣንሳርን ሙሃጂሪንን”

ኣብቲ ቦታ ነበረ ቁጥቋጥ ናይ ተምሪ ኣግራብ ጉሓፍን ተጸሪጉ ኣብኡ ነበረ ቀብሪ ናይ ሙሽሪኪን ተኽዒቱን ምስ መሬት ተደላዲሉን ኣግራብ ተዝረኣሉ። እቲ ቂብላ (ሙስሊምን ክሰግዱ ከለው ናብኣ ገጾም ዝጥምቱላ ኣቅጣጫ ማለት እዩ) ናይቲ መስጊድ ንቁድስ (ዮርሳሌም) ከምዝጥምት ጌሮም ሃነጽዎ። ክልተ ዓንድታት ተኺሎም በለፎን እቲ መስጊድ ሰቐልዎ። እቲ መስጊድ ኣብ መወዳእታ ትርቢዒት ኮይና ተሃነጸት። እተን ጥርዝታት (ጎንታት) ካኣ ብገምጋም 100 ያርድን ዝኾና ነበራ። ንስሚን ገጻ ትጥምት ኮይና እተን 3 ጎንታት ሐደ ሐደ ማዕጾ ነበረን። ኣብቲ ጥቃ ምስጊድ ንኣቁሑት ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ዝኾውን ብእምኒን ጡቡን ገዛ ሰሪሑም ብቆጸሊ ተምሪ ገረብ ሸፊንዎ።

ኣብቲ ሰሜናዊ ክፍሊ እቲ መስጊድ ነቶም ስድራ ይኹን ገዛ ዘይነበሮም ሙስሊምን ዝኸውን ቦታ ተሓዚኣሎም ኣዛን (ኣዛን ማለት ንሙስሊምን ሰላት ክሰግዱ ዝግበር ዓው ኢልካ መጸዋዕታ እዩ) ኣብዚ ንመጀመርታ እዋን ድሕሪ ሰደት ጀመረ። እዚ መስጊድ ከኣ ሰላት ጥራይ ዝስገደሉ ልክዕ ቦታ ኣይነበረን ብተውሳኺ እዉን ሙስሊምን ብዛዕባ እስልምናንመምሪሒታቱን ዝማሃሩሉን እስላማዊ ጉባኤ ነበረ። እቲ ቅድሚ እስልምና ዝነበረ ዘይምርድዳእ ዝፈታሓሉ መኣከቢ ቦታ እውን ነበረ። ብሓፈሻኡ ኩሉ ጉዳያት ሙስሊምን ዝማሓደረሉ ምኽርን ምፍጻም ሕግታትን ዝካየደሉ ማእከል ነበረ።

## *ሕውነታዊ ምትሑቕቓፍ ኣብ መንጎ ሙስሊሚን*

እቲ መስጊድ ብኸምዚ ዝራኣናዮ ምስ ተሃነጸ፡ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ኣብ ሙስሊምን ኣንሳርን ሙስሊምን ሙሃጂርን ዝነበረ ሓባራዊ ሕውነታዊ ምትሑቁቃፍ ከድልድሎ ናብኡ ቆላሕትኡ ገበረ። 90 ሰባት ዝኾኑ ፍርቆም ስደተኛታት ሙስሊምን ፍርቆም ከኣ ኣንሳር ሙስሊምን ኣብ ገዛ ኣነስ ቢን ማልክ ተኣኪቦም ነብይና ሰ.ዓ.ወ. ከክልተ እንዳገበረ ኣጻሚዱ ብዕሊ ሕውነት ነፍሲ ወከፍ ጽምዲ ብዕሊ መስሪቱ ባረኸሎም። እሲ ድማ ኣብ ታሪኽ ናይ መጀመርያ ተርእዮ ነበረ። እዞም ኣብዚ እዋን ሕውነት ዝመስረቱ ሰባት (ሙስሊምን) ሐደ ካብ ክልቲኦም ምስ ዝመውት እቲ ሓደ ናይ እስምና ሐው ከወርስ መሰል ኤርዎ። እዚ ናይ ምውራስ መስል ኣብ መንጎ እዞም ናይ እስልምና ሕውነት ዝመስረቱ ክሳብ እዋን ኩናት በድር እዛ “እቶም ኣዝማድ ብስጋ ዝኾኑ (ሙስሊምን) ነንሕድሕዶም (ኣብ ውርሻ) (ካብቶም ብእስልምና የሕዋቶም ዝኾኑ ንላዕሊ) ይቀራረቡ” (8፡75) ትብል ጥቅሲ ናይ ቁርኣን ምስትውረደ ቀጸለ። በዚኣ ጥቅሲ ካኣ መሰል ናይ ምውራስ ከም ቀደሙ ብዝምድና ተመለሰ። (2)

“ሕውነት ናይ እስልምና” ከምቲ ሙሓመድ ኣልቀዛሊ ዝበሎ “ኩሉ ዓሌታዊን ቤተሰባውን ኣፈላላይ ከም ካልኣዊ ድልየት ጥራይ ብምግባር ‘ዝኾነ ሰብ ካብ ካልእ ሰብ ኣይበልጽን እዩ ብጀካ ብሰናይ ተግባሩን ወይ ናይ ኣላህ-ፍርሑን’ ዝብል እስላማዊ ስነ-ሓሳብ ይድግፍ ነበረ። (3)
ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ነዚ እስልማዊ ሕውነት ናይ እምነት ሕጋዊ ስምምዕ ኣልቢስዎ ነበረ። እቲ ሕውነት ትርጉመ ኣልቦ ቃላት ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ግዝያዊ ስሚዒት ናይ ኣፍ ስላምታ ዘይኮነስ ግብራውን ምስ ስጋን ንብረትን ዝተኣሳሰር ነበረ። እዚ ናይ ብጻይነት ሕውነትን መንፈስ ኣብልቢ እቶም ሳዕቢቲ ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ብዕምቀት ዝሰረጸ መንፈስ ተዋፊይነት ፈጢሩን ጹቡቕ ውጺኢት ኣፍረየ። ንኣብነት ሳዕድ ቢን ረብዓህ ሐደ ካብቶም ሓገዝቲ ኣንሳር ነቲ ሓው ኣብ እስልምና ዓብዱ ኣራሕማን ቢን ዓውፍ ከምዚ በሎ “ካብ ኣነ ዝሃብተምኩ እየ ንብረተይ ኣባይን ኣባኻን ብልክዕ ናብ ክልቴና ክመቕሎ ደስ እዩ ዝብለኒ።
ክልተ ኣንስቲ ኣለዋኒ፡ ሓንቲ ካብኣተን ክፈትሓልካ እሞ እስኻ ከኣ ዕደታ (ዕደት ማለት ሓንቲ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ምስ ተፈተሐት ኣብ ገዝኣ ንተወሰነ ግዜ ኮፍ ክትብል እስልምና ዝእዝዛ ናይ ግዜ ንውሓት እዩ) ምስ ወደኣት ክትምርዓዋ ትኽእል ኢኻ” እንተኾነ ግን ዓብዱ ኣልራሕማን ቢን ዓውፍ ንብረቱ ይኹን ገዝኡ ክቕበል ድልው ኣይነበረን። ስለዚ ካኣ “ብሓልዮት ናብ ዕደጋ ጥራይ ውስደኒ ብጻዕረይ ንብረት እንብር እኸውን” ብምባል ነቲ ሓው ብእስልምና ባረኾ። ድሕሪ ገለ እዋናት ካኣ ብጻዕሩ ሃብቲሙ ተመርዓወ (4)

እቶም ኣንሳር ነቶም የሕዋቶም ብእስልምና ኣዝዮም ሊጋሳት ነበሩ። ኣቡ ሁሬይራ ከም ዝበሎ ሓደ መዓልቲ እቶም ኣንሳር ንነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ከይዶም እቲ ስየ ዝመለኣ ጀራዲኖም ብልክዕ ኣብ መንጎ ሙስሊምን ናይ መዲና ኣንሳርን ሙስሊምን ናይ መካ ሙሃጅርን ክውዛዕ ኣለዎ ኢሎም ሐተትዎ። እሱ ግን እዚ ከቢድ ጾር ከስክሞም ፍቃደኛ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን እቶም ሙሃጂርን ኣብቲ ጀራዲን ምስቶም ኣንሳር ኣሕዋቶም ጎኒ ንጎኒ ኮይኖም ክስርሑን እቲ ዝረኽብዎን እቶት ካኣ ብልክዕ ኣብ መንጎኦም ክምቀል ወሰነ። (5)

እዚ ኣብነታት እዚ ብግልጺ እቲ ናይቶም ኣንሳር መንፈስ ናይ ምስዋእቲ፡ ትሕትናን፡ ሓልዮትን ብሐደ ወገን ናይቶም ሙሃጅሪን ስክፍታን ምስጋናን ብኻልእ ወገን የረድኣና። እቲ ማእከላይ ናብራ ከደላድለሎም ዝኽእል ጥራይ ወሰዱ። ብሓጺሩ እዚ ናይ ሓባራዊ ሕውነታዊ ፖሊሲ እዋናውን ጥቁው ብምንባሩ ቡዙሓት ኣሸገርቲ ጸገማት ብጹቡቅን ብግቡእን ተፈትሑ።

# መብጻዓ ኣብ ግብሪ ምውዓል

ብሽኽ:ሙሓመድ ኣልቖዛሊ ተርጓሚ ኣቡ ዓብዱራሕማ

**መብጻዓ ምትግባር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ክፋል መለለይ ጠባይ ናይ ኣስላማይ እዩ።**

ሓደ ኣስላማይ እንተዳኣ ሓላፍነት ናይ ሓደ ነገር ተሰኪሙ:እተሰከሞ ሓላፍት ኣብ ተግባር ከውዕል ናይ ግድን ይኸዉን። ንዝኾነ ዝኣተዎ ውዕል ከኽብር ኣለዎ።እንተዳኣ ሓደ ነገር ክገብሮ እየ ኢሉ ተማባጺዑ:ብሓቂ ናይ ምትግባር ኒያ ክህልዎ ይግባእ: ክሰርሖ ኢሉ ውዕል ዝኣተወሉ ካብ ምፍጻም ድሕር ክብል ካኣ የብሉን።

ኣስላማይ ኣብ መንጎ ሰባት መብጻዓኡ ኣብ ተግባር ዘውዕልን ተኣማኒ ብምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ።ምኺያቱ ኣላህ ካብኡ እዚ ጽቡቕ ጠባይ ክማላእ ስለ ዝሓትት።
ሓደ ኣስላማይ መብጻዓኡ ክኸሕድ እዩ ኢልካ ክፍራህ ኣይግባእን እዩ።
መብጻዓ ምሕላው ኣገዳሲ ካብ ኮነ ኻኣ ማሕላ ኣብ እትምሕለሉ ግዜ ማሕላኻ ምፍጻም ኣገዳሲ ምዃኑ ኣይትስሕትዎን።

እቲ ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእ እቲ መብጻዓ ኣብ ተግባር እነውዕሎ ወይ ማሕላ እነተግብሮ እቲ እንማባጻዓሉን እንምሕለሉን ምስቲ ሕጋዉን ሓቂን ነገር ዝተኣሳሰረ ክኸውን ይግባእ።

እዚ ማለት ካኣ እቲ መብጻዓ እንትግብሮ ምስ ናይ ኣላህ መምርሒ እንተዳኣ ተጋራጪዩ:እቲ መብጻዓ ዋጋ ከምዘይብሉ ኣገዳስነቱ ከም ዝጠፍእ ምግንዛብ የድሊ።

ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

**<< እንተዳኣ ሓደ ሰብ ምሒሉ እሞ ኣብ ካልእ ነገር ጽቡቕ እንተዳኣ ርእዩ:ማሕላኡ ኣፍሪሱ ካሕሳ(ፍዳ)ብምኽፋል እቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራኣዮ ነገር ክፍጽም ይግባእ።>>**
እቲ ኣብዚ እንርደኦ ዝኾነ መብጻዓ ቅኑዕ ዝኾነሉ እቲ መብጻዓ ዝኣተናሉ ነገር ቅኑዕን ብኣላህ ዝተፈትወን ምስ ዝኸዉን ጥራይ እዩ።

እንተዳኣ ሓደ ዉልቀሰብ ንሓደ ጽቡቕ ስራሕ ንኽፍጽም ቃል ኣትዩ እሞ ብቅኑዕነት ናይዚ ነገር ተረጋጊጹ ነቲ ቃል ዝኣተወሉ ነገር ክፍጽም ዓቕሙ ዘፍቅዶን ዝካኣሎ ነገር ክገብር ኣለዎ።
ኣብዚ'ዉን ንዝኾነ ካብ መብጻዓኻ ምፍጻም ከታዓናቕፈካ ዝኽእል ወይ ዘጠራጥር ነገር ዕድል ምሃብ ኣይግባእን።
ነዚ ብዝምልከት ነዚ ፍጻሜ ነቕርብ:

ኣነስ ቢን ማሊክ ይብል:ሓው ኣቦኡ ኣነስ ቢን ነድር ኣብቲ ናይ በድር ውግእ ክካፈል ዘይካኣለ ንረሱል ከምዚ ኢሎም ተዛረብዎ:
“ ኦ ልኡኽ ኣላህ ኣብታ መጀመርታ ኣንጻር ካሕዳናት ዘካየድካያ ውግእ ኣይተኻፈልኩን:እንተዳኣ ኣላህ ዕድመ ሂቡ ምስኻ ኣጽኒሑኒ ኣብ መጻኢ ኳናት ብዘደንቕ ኩሉ ጸዓተይ ከቕርብን ፍረ ዕዮይ ክትሪኡ ኢኹም’’ ኢሉ ተዛረበ።

ኣስላም ኣብቲ ኣዝዩ ጽዑቕ ዝነበረ ኳናት ኡሑድ እሞ ብሰንኪ ትእዛዝ ናይ ረሱል ዘይምስማዕ ዝተጓነፈ ምድሕርሓርን ምዝላቕን:ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኣነስ ቢን ኣነድር ን ኣላህ ከምዚ ኢሉ ዱዓእ (ጸሎት ጌርሉ):

“ ኦ ኣላህ ብዝበደልዎ ጌጋ ንኽትሓድገሎም እልምነካ:ከምኡ እዉን ካብ ሓጊ ምጥሓስ ነጻ እየ።ነዘን ቃላት ድሕሪ ምዝራብ:ቢን ኣነድር ብናህሪ ናብቲ ተባሊሑ ዝነበረ ውግእ ኣተወ።ኣብ ቅድሜኡ ንሰዓድ ቢን ሙዓዝ ብዝራኣዮ ከምዚ በሎ:

“ ኦ ሰዓድ ቢን ሙዓዝ!ብኣላህ ፈጣሪየይ ኣንፈት ኣፍደገ ጀና ተቓዳደም እነሂኹ መኣዛ ጀና ኣብ ስንጭሮ እሑድ እሸትት።

**ሙዓዝ ነዚ ናይ ቢን ኣነድር ዝሰመዐ ዘረባ ንረሱል ከምዚ በሎ:**

**“ቢን ኣነድር ንፍትወትን ሃንቀውታ ሺሃዳ(መስዋእቲ)ዝነበሮ ብዓይነይ ዝራኣኽዎ ክገልጸ ቃላት ይሓጽሩኒ)።ቀጺሉ እውን ከምዚ በሎ:**

“ ኣብ ሰውነቱ ልዕሊ ሰማንያ ዝኸውን መውጋእቲ ረኺብና’
’

እቶም ኣረማውያን ንሬሳ ናይ ቢን ነድር ረኺቦም ከብቅዑ ከለለይዎ ኣይካኣሉን።
ሓብቱ በቲ ኣብ ኣጻብዕቱ ዝነበረት ብሮት ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ከተለልዮ ክኢላ።

ኣነስ ነዚ ናይ ኣነድር ዛንታ ዘዘንቱ ዘሎ ይብል:እዛ ጥቕሲ ቁርኣን እዚኣ ኣብኡ ወይ ከምኡ ዝኣመሰሉ ሰባት እያ ወሪዳ ይብል:
ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:
*ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ብዙሓት ካብቶም ምስ ኣላህ እተማባጽዑን ኣብ ውዕል ዝኣተውን መብጽዕኦም ብምሕላው ኣብ ተግባር ከምዘውዓልዎ ድሕሪ ምሕባር ገሊኦም እዉን ተማባጺዖም ከብቅዑ ምቹእ ግዜ መብጻዓኦም ከተግብሩ ይጽበዩ ከምዝለዉ ይገልጸልና።*
*እዚ እናፈጸሙ እንከለዉ ኻኣ ካብቲ ቆራጽነቶምን ጽንዓቶምን እዉን ድሕር ወይ ፈንተት ከምዘይበሉን የፍልጠና።*

ምዝካርን ጽንዓትን መሰረት ናይ መብጻዓ እዩ።ብተወሳኺ ኣተጋባብራ መብጻዓ ኣብ ክልተ ረቛሒታት ይሙርከስ።
ኣብ ዛንታ ነቢዩና ኣደም :ኣላሁ ሱብሓነሁ ወታዓላ ካብ ሰይድና ኣደም ናይ መብጻዓ ቃል:ካብታ ውስንቲ ኦም ንኸይበልዕ ቃል ከምዝኣተወ ነፍስወከፍና ንፈልጥ ኢና።

ኣላህ ኣብ ሱረት ጣሃ ኣያ ቁ.115

وَلَقَدْ عَهِدْنَآ إِلَىٰٓ ءَادَمَ مِن قَبْلُ فَنَسِىَ وَلَمْ نَجِدْ لَهُۥ عَزْمًا ﴿١١٥﴾

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:
*ኣላህ ኣብዛ ኣያ’ዚኣ ንሰይድና ኣደም ካብታ ኦም ንኸይቀርባን ካብኣ ንኸይበልዕን ከምዝኣዘዞን የፍለጠና።ነዚ መብጻዓ ወሲዱ ከብቅዕ ሰይድና ኣደም ግን ካብታ ኦም ንኸይበልዕ እቲ ዝግባእ ትዕግስትን ጽንዓትን ከምዘየርኣየን ይሕብረና።*

*ንግቡእ ነገራት ንኸይንፍጽም ዝዓናቅፉና እቲ ኣብ ኣእምሮናን ተዘክሮናን ዝርከብ ድኽመት ኣብ ርእሲ ምኺኑ እቲ ናይ ቆራጽነትን ጽንዓትን ጠባይ ምስ ዝንፈገናን ዘይህልወናን እዩ።*

*ነፍስወከፍና ከምዘይንስሕቶ ካኣ ብሰንኪ ዘጋንፈና መከራን ጸገማትን ነቲ ኣብ ተግባር ከነውዕሎ ዝግባኣና ተግባራት ኣይነውዕልን።እዚ እዉን ምስቲ ናይ ሸለልትነትን ምስቲ ዳሕራይ ክገብሮ እየ ዝባሃል ዘረባን ዝተኣሳሰረ እዩ።ቀዳምነት ንኽዋሃቦ ዝግበኦ ነገራት ዘይምሃብን ንብዙሕ ነገራት ብዓይኒ ሓቂ ዘይምርኣይን ኣብ ብዙሓት ዘሎ ሕማም ከምዝኾነ ምግንዛብ የድሊ።*

ስለዚ እዩ እምበኣር ነዚ ናይ ምርሳዕ ጠባይ ንምግጣምን ንምግዳልን
ብተደጋጋሚ ንሰብ ምዝካር ዘድሊ።
ኣብቲ ቅዱስ ቁርኣን ነዚ ናይ ምዝካር ኣርእስቲ  ብዝምልከት ብብዝሒ ተተቒሱ ኣሎ:ኣብዚ ጽሑፍና ሓደ ሓደ ካብቲ ኣያት ንቕርብ:  ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ኣያ ቁ.3  ይብል:

اتَّبِعُوا مَا أُنْزِلَ إِلَيْكُمْ مِنْ رَبِّكُمْ وَلا تَتَّبِعُوا مِنْ دُونِهِ أَوْلِيَاءَ قَلِيلاً مَا تَذَكَّرُونَ (3)

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

*ኣላህ ንዓና በቲ ካብኡ ዝወረደ ኣገባብ ስርዓት ክንክተልን ንበዘይካኡ ንኻልእ ንኸይንምእዘዝን ትእዛዙ የመሓላልፈልና።*
*ኣላህ ንዓና እዚ ኩሉ እናኣዘከረና እንከሎ እሞ ተዘክሮና ውሑድ ከምዝኾነ ድሕሪ ምሕባር ኣብ ክንዲ ምዝካር ምርሳዕ ንኸይከዉን ጠባይና ከነስተውዕል ይገልጸልና።*

ከምኡ’ዉን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣንዓም ኣያ ቁ.126  ይብል:

*وَهَذَا صِرَاطُ رَبِّكَ مُسْتَقِيماً قَدْ فَصَّلْنَا الآيَاتِ لِقَوْمٍ يَذَّكَّرُونَ (126)*

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

*ኣላህ ንዓና እቲ ትኽክለኛ ዝኾነ መንገዲ ድሕሪ ምርኣይን እቲ ንመንገዱ ሒዝና ክንጓዓዝ ዘኽእለናን ዝሕግዘናን ብብሩህ መግለጺ ኣብ ቁርኣን ከምዝነጸረልናን ዝገለጸልናን ይሕብረና።*

*ወሰላሙ ዓልይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ*   *ኣቡ ዓብዱራሕማን*